# ዓመታዊ ጸብጻብ ንጥፈታት ውድብን ኣገደስቲ ተረኽቦታትን
# 2006

**29-31 ታሕሳስ 2005፡-** መስዋእቲ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ሓርበኛ ስውእ ተጋዳላይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ንዝገደፎ ሃጓፍ ንምምላእ፡ ሰውራዊ ባይቶ ህጹጽ ኣኼባ ኣብ ሆላንድ ከተማ ሮተርዳም ኣካይዱ።

**7-8 ጥሪ 2006፡-** ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን፥ ብጻይ ኣሰፋው በርሀ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርርዓዊ ጉዳያትን፥ ብጻይ ብርሃነ ተስፋጋብር፡ ሓላፊ ገንዘባዊ ጉዳያት ቤት ጽሕፈትን ዝመርሕዎ ኣውሮጳዊ ለኽ ሰሚናር ናይ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ጀርመን ከተማ ፍራንክፈርት ተኻይዱ።

**19-23 ጥሪ 2006፡-** ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኪዳን ኣብ ካርቱም ተኻይዱ።

**23-24 ጥሪ 2006፡-** 4ይ ስሩዕ ኣኼባ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ካርቱም ተኻይዱ።

**8 ለካቲት 2006፡-** ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማርን፤ ኣካያዲ ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር ነበር፡ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤልን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣትዮም።

**11 ለካቲት 2006፡-** ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ዝመርሖ፡ ብጾት መንግስተኣብ ኣስመሮምን፡ ተስፋይ ወልደሚካኤልን ዝኣባላቱ ልኡኽ ውድብና፡ ምስ ህዝባዊ ዲሞክራስያ ግንባር ኤርትራ ተራኺቦም። ብወገን ህደግኤ፡ ብጾት ተወልደ ገብረስላሰን ዳዊት መዝገበን ነይሮም።

**12 ለካቲት 2006፡-** ኣባላት መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጾት ወልደሱስ ዓማርን፡ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ተስፋይ ወልደሚካኤልን ዝርከብዎ ልኡኽ፡ ምስ ኣባላት መሪሕነት ሰደግኤ ነበር፡ ብጾት ብርሃነ የማነን (ሃንጀማ) ዓብደላ ማሕሙድን) ተራኺቦም።

**13 ለካቲት 2006፡-** ልኡኽ ውድብና ምስ ኣቦ መንበር ምትሕብባር ፎርም ሰንዓ፡ ኣቶ ሕቡር ገብረኪዳን ተራኺቡ።

**14 ለካቲት 2006፡-** ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ልኡኽ ውድብና፡ ምስ ቀርነልዮስ ዑስማን፡ ኣቦ መንበር ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ተራኺቡ።

**17 ለካቲት 2006፡-** ልኡኽና ምስ ኣቦ መንበር ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ብጻይ ኣድሓኖም ገብረማርያም ተራኺቡ።

**19 ለካቲት 2006፡-** እቲ ብ19/2/06 ብኤርትራውያን ንሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት - ዓባይ ብሪጣንያ ተዳልዩ ኣብ ኣፍደገ ካምደን ሰንተር ዝተኻየደ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ብዓወት ተዛዚሙ። እቲ ሰፊር ዝተመርጸሉ ምኽንያት ኣቶ ዘምህረት ዮሓንስ፡ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ ህግደፍ፡ ኣብቲ ቦታ ናይ ህዝቢ ኣኼባ የካይድ ስለዝነበረ እዩ። ልዕሊ 80 ዝኾኑ ኤርትራውያን፡ እቲ ዝነበረ ብርቱዕ ቁርን ማይን ንፋስን ከይዓጀቦም፡ ነቲ ኣብ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ግፍዒ ኮኒኖም፡ ከምኡውን ጠለቦም ንፍትሕን፡ ግዝኣተ ሕግን ዲሞክራስን ኣስሚዖም። እቶም ኣብቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዝነበሩ ካብ ዝተፈላለያ ውድባትን፡ ማሕበራትን፡ ዝተዋጽኡ ኮይኖም፡ ዓበይትን ነኣሽቱን፡ ዝርከቡዎም፡ ሕብርን ጾታን ሃይማኖትን ህዝብና ዘንጸባርቑ ነይሮም።

20 ለካቲት 2006፡- ሽማግለ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ጨንፈር ሽወደን ምስ በርገሳዊ ማሕበራት ሽወደን ብዝጸውዖ መሰረት፡ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ሰላማዊ ሰልፊ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ተኻይዱ።

21 ለካቲት 2006፡- ፖሊስ ስርዓት ኣስመራ፡ ንሰለስተ ላዕለዋይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ከረን ኣኽቢቦም፡ ነቶም ተመሃሮ ብ10 ኣውቶቡሳት ናብ ኣስመራ ወሲዶሞም።

26 ለካቲት 2006፡- ኣባላት ተቓወምቲ ውድባትን በርገሳውያን ማሕበራትን ህዝብን ነቲ ብወኪል ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፡ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ዝምራሕ ኣኼባ ብምጽራር፡ ኣብ ኖርወይ፡ ከተማ ኦስሎ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም።

28 ለካቲት 2006፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ዝመርሖ፡ ብጾት መንግስተኣብ ኣስመሮምን ተስፋይ ወልደሚካኤልን ዝኣባላቱ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ፤ትዮጵያ፡ ኣቶ መለስ ዜናዊ ተራኺቡ ሃለዋት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍን ሓፈሻዊ ምዕባለታት ደምበ ተቓውሞ ኤርትራን ኣመልኪቱ ብዕምቆት ተመያይጡ።

28 ለካቲት 2006:- ኣብ ሽወደን ዝርከብ ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምስ በርገሳውያን ማሕበራት ብምትሕብባር ጸረ-ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራን ኣኼባ ካካይዱ ዘዋፈሮም ወከልቱን ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም።

28 ለካቲት2006:- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ዝመርሖ፡ ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን፣ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤል፡ ኣካያዲ ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር ነበርን ዝርከብዎ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ክልተ ሰዓታት ዝወሰደ ዝርርብ ኣካይዱ።

1 መጋቢት 2006፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማርን፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን፡ ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮምን፡ ኣካያዲ ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበርን ካርቱም ኣትዮም።

7 መጋቢት 2006:- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ዝመርሖ፡ ብጾት መንግስተኣብ ኣስመሮምን ተስፋይ ወልደሚካኤልን ዝርከብዎ ልኡኽ፡ ምስ እስላማዊ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ተራኺቦም። ብወገን እስላማዊ ናይ ምእራም ምንቃስቓስ፡ ኣሕዋት መሓመድ ጣህር ሽንገብን፥ ሓሰን ሳልማንን ሮመዳን መሓመድ ኑርን ተረኺቦም ነይሮም።

10 መጋቢት 2006፡- ርክብ ወከልቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ለንደን፡ ምስ ተልእኮ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጀሚሩ ንክልተ መዓልታት ቀጺሉ። እቲ ርክብ ኣብ ንሚያዝያ ክቕጽል'ዩ ተባሂሉ።

12 መጋቢት 2006:- ብጾት ወልደሱስ ዓማርን መንግስተኣብ ኣስመሮምን ተስፋይ ወልደሚካኤልን ምስ ኣወልኼር መሓመድ ኣማን፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ሰልፊ ኣልናህዳ፡ ምስ ዓሊ ኑር ሑሴን፡ ሓላፊ ናይ ስርርዕን፡ ምስ ዓብዱልከሪም ዓጣ፡ ወኪል ሰልፊ ኣልናህዳ ኣብ ካርቱም ተራኺቡ።

12 መጋቢት 2006፡- መሪጌታ ገብረብርሃን ፍስሃ፡ ላዕለዋይ መራሒ ኦርቶዶክስ ቤተ-ክርስትያን ኣብ ካርቱም፡ ዑቕባ ሓቲቱ።

18 መጋቢት 2006፡- ዘባ ጀርመን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ካስል መበል 42 ዓመት ዝኽሪ ተጋሩባ ጸንቢሉ።

18-19 ***መጋቢት*** 2006፥- ዞባ ኣመሪካ 7ይ ስሩዕ ጉባኤኡ ኣብ ከተማ ቺካጎ ኣሰላሲሉ።

18 ***መጋቢት*** 2006፥- ዞባ ጀርመን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ንዝኽሪ 8 መጋቢትን ዝኽሪ ተጐርባ፡ መዓልቲ ሰራዊት ሓርነትን ኣብ ካስል ብክብ ዝበለ ድምቀት ኣኽቢሩ።

19 ***መጋቢት*** 2006፥- ወልደሱስ ዓማርን ተስፉይ ወልደሚካኤልን መንግስተኣብ ኣስመሮምን ዝርከብዎ ልኡኽ ውድብና፡ ምስ ኣቦ መንበር እስላማዊ ሰልፊ ንፍትሕን ልምዓትን (ሕዝብ ኣልእስላሚ ለልዓዳላ ዎ ተንምያ፡ ኸሊል መሓመድ ዓምር ዝመርሖ ልኡኽ ተራኺቡ።

27 ***መጋቢት*** 2006፥- ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ንሓደስቲ ስደተኛታት ኤርትራ ኣብ ምቕባልን ምእላይን ሓላፍነቱ ከምዝረስዐ ዘዘኻኽር ናይ ተቓውሞ መዘክር ኣቕሪቡ።

3 ***ሚያዝያ*** 2006፥- ብጾት ወልደሱስ ዓማርን ተስፉይ ወልደሚካኤልን መሓመድ ኣደም ኣርትዓን ዝርከብዎ ልኡኽ ምስ ኣትጃኒ ሙስጣፉ፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ በዓስ ሱዳን ተራኺቡ።

5 ***ሚያዝያ*** 2006፥- ብጾት ወልደሱስ ዓማርን መንግስተኣብ ኣስመሮምን ተስፉይ ወልደሚካኤልን ዝርከብዎ ልኡኽ ብመንገኝነት ናይ ብጻይ ያሲን መሓመድ ዓብደላ፡ ኣቦ መንበር መደበር ሶይራ ንሰብኣዊ መሰላት ምስ ፍዩቸር ትረንድስ ፋውንደሽን ተራኺቦም።

6-10 ***ሚያዝያ*** 2006፥- ሻዱሻይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

8 ***ሚያዝያ*** 2006፥- ብጾት ወልደሱስ ዓማርን መንግስተኣብ ኣስመሮምን ተስፉይ ወልደሚካኤልን ጅምዕ ኣሕመድን መሓመድ ኣርትዓን ዝርከብዎ ልኡኽ ምስ ኣቦ መንበር ሰልፊ ኣልናህዳ፡ ሓው ኣኑር፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ኣልናህዳ (ሰልፊ ትንሳኤ) ተራኺቦም።

8-9 ***ሚያዝያ*** 2006፥- ዞባዊ ጉባኤ ጀርመን።

9 ***ሚያዝያ*** 2006፥- ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ልኡኽ ውድብና ምስ ብጻይ ዓብደላ ኣደም፡ ኣቦ መንበር ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ነበር ርክብ ኣካይዱ።

10 ***ሚያዝያ*** 2006፥- ካልኣይ ዓመታዊ ሰሚናር ጨናፍር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ስካንዲናቭያ ተኻይዱ። ብጻይ ተኽለ መለኪን፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታት ኣብ'ቲ ጉባኤ ተረኺቡ መግለጺ ሂቡ።

12 ***ሚያዝያ*** 2006፥- ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ዝመርሖ፡ ብጾት ተኽለ መለኪንን ጅምዕ ኣሕመድን መሓመድ ኣደም ኣርትዓን ዝኣባላቱ ልኡኽ ውድብና ምስ ሰበስልጣን ሱዳን ተራኺቡ።

25 ***ሚያዝያ-4 ግንቦት*** 2006፥- ዓመታዊ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን።

28 ***ሚያዝያ*** 2006፥- 500 ዝኾኑ ኤርትራውያን እተሳተፍዎ ሰላማዊ ሰልፊ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ኣብ በርሊን ኣብ ቅድሚ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ጀርመን ተኻይዱ።

21 ***ግንቦት*** 2006፥- መበል 15 ዝኽሪ ናጽነት ኤርትራ፡ ብጨንፈር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣዲስ ኣበባ ከቢሩ ውዒሉ። ብጻይ ጅምዕ ኣሕመድ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕብረተ-ሰብኣዊ ጉዳያትን፡ ብጻይ ደበሳይ በየነ፡ ወኪል ውድብ ኣብ ኣዲስ ኣበባን፡ ነቲ በዓል ኣመልኪቶም መግለጺ ሂቦም።

**27 ግንቦት 2006**፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ እተሳተፎ ዝኸሪ መበል 45 ዓመት ዝኸሪ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ጀርመን ከተማ ቱቢንገን ተኸቢሩ።

**2 ሰነ 2006**፡- ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ካርቱም፡ ላዕለዎት መራሕቲ ኪዳንን ወኪል ኤምባሲ ሪፑብሊክ ሶርያን ወከልቲ ሱዳናውያንን ኤርትራውያንን ጋዜጠኛታትን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣጋጣሚ፡ "ንመበል 15 ዓመት ዝኸሪ ናጽነት ኤርትራ ከም መበገሲና ወሲድና ፍትሓዊትን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ ንህነጽ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ንመበል 15 ዓመት ዝኸሪ መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ፡ ብክብ ዝበለ ድምቀት ኣብ ናዲ ኣልኡስራ ጸንቢሉ።

**10 ሰነ 006**፡- መበል 15 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ብደረጃ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ራቸስተር ብዓቢ ድምቀት ተኸቢሩ።

**24 ሰነ 2006**፡- ግዱሳት ኤርትራውያን ተቐማጦ በይ ኣርያ፡ ካሊፎርንያ፡ ኣብ ከተማ ሳንታሮዛ ተኣኪቦም፡ ንማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ኤርትራ ዝውዕል ገንዘባዊ ሓገዝ ኣዋጺኦም።

**16-19 ሓምለ 2006**፡- 7ይ ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ።

**20-21 ሓምለ 2006**፡- 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ።

**25 ሓምለ 2006**፡- 2ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰልፊ ዲሞክራሲ።

**23-27 ሓምለ 2006**፡- 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ።

**28 ሓምለ 2006**፡- ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ድሕሪ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ።

**30 ሓምለ 2006**፡- ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ ድሕሪ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ።

**11 ሓምለ 006**፡- ብጻይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፡ ኣፈ ባይቶ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፤ ብጻይ መሓመድ ኣደም ኣርትዓ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን፤ ብጻይ ሲራክ ዘመንፈስ፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ካርቱም ናይ ኣባላት ኣኼባ ኣብ ክበብ መንእሰያት ጂረፍ ብምክያድ ውጽኢት ናይ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ገሊጾም። ብጾት ዓብደልቓድር ዕጉድ፡ ማሕራይ ሓጐስን ጸጋይ መዝገበን ውን፡ ኣብ'ቲ ኣኼባ ተሳቲፎም ነይሮም።

**4-6 ነሓሰ 2006**፡- መበል 21 ሰፊሕ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን ከተማ ፍራንክፈርት ተኻይዱ።

**4-5 ነሓሰ 2006**፡- ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ስያትል ኣንጻር'ቲ ኣብ'ዚ ዕለት'ዚ ብሰዓብቲ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ'ታ ከተማ ዝካየድ ዝነበረ ፌስቲቫል ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም

**15-21 ነሓሰ 2006**፡- መስመሪ ጉባኤ ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተኻይዱ፡ ኣባላት መሪሕነት፡ ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮምን ተኸለ መለኪንን ጅምዕ ኣሕመድን ሓጅ ሳልሕ ኣብ መኽፈትን መዛዘምን ናይ'ቲ ጉባኤ ተኻፊሎም። ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን፡ ብስም ውድብ ናይ ደገፍ ቃል ኣስሚዑ።

**19-20 ነሓሰ 2006**፡- ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ዝዳሎ ፌስቲቫል ኤርትራ፡ ኣብ ስያትል ዋሽንግተን ስተይት ንካልኣይ ዓመቱ ብድምቀት ከቢሩ ውዒሉ። ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤ፡ ምኸትል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ኣብ'ቲ በዓል ብምስታፍ ን6ይ ሃገራዊ ጉባኤን ውሳኔታቱን፤

ከምኡ ውን ሃለዋት ሃገርናን ከባቢ.ባን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

24 ነሓሰ 2006፡- ብጻይ ኢ.ድሪስ እስማዒል፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ወኪል ውድብ ኣብ ከሰላን ብዕለት ኣብ ከተማ ገዳርፍ ናይ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣኼባ ብምክያድ ብዛዕባ ውጽኢት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ከምኡ ውን፡ ብጻይ ኣብርሃም ገብረማርያም፡ ወኪል ውድብ ኣብ ፖርት ሱዳን ንኣባላት ጨንፈር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ፖርት ሱዳን ብዛዕባ ውጽኢት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ መግለጺ ሂቡ።

26 ነሓሰ 2006፡- ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ንህይወት ናይቶም ኣብ ሊብያ ኣብ ኣልመርገ ዝተባህለ ቦታ ተኣሲሮም ዝነበሩ 300 ዝኾኑ ኤርትራውያን ንምድሓን ናብ ዋና ጽሓፊ ሕቡራት ሃገራት፡ ኮፊ ኣናን መዘክር ልኢኹ።

1 መስከረም 2006፡- ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ንዝኸሪ መበል 45 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ፡ ብክብ ዝበለ ድምቀት ኣኽቢሩ ውዒሉ። ብጻይ ሓጅ መሓመድ፡ ነዚ በዓል'ዚ ዝምልከት መግለጺ ኣቕሪቡ።

1 መስከረም 2006፡- መስከረም ኵሎም ኣብ ሳንድየጎ ዝርከቡ ተቓወምትን ተሓባበርቶምን ዘዳለውዎ ዝኽሪ መበል 45 ዓመት ባሕቲ መስከረም ብክብ ዝበለ ድምቀት ከቢሩ። ኣብ'ቲ በዓል ህልዊ ኵነታት ኤርትራን ህንጸት ሰላምን ዲሞክራስን ዝብል ኣርእስቲ ተላዒሉ ብዕምቈትን ብኣላዘቦን ተዘሪቡሉ።

2 መስከረም 2006፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ኣብ ዝተረኸበሉ፡ ዝኽሪ መበል 45 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና፡ ብርክት ዝበለ ህዝቢ ዝተኻፈለሉ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኣብ ዝርከብ ማእከል መንእሰያት ብክብ ዝበለ ድምቀት ከቢሩ ውዒሉ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ብጻይ ተኽለ መለኪን፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታትንን፥ ሓው ተስፋሁነይ መስፍን፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ህደግኤን፡ ብኣጋጣሚ ባሕቲ መስከረም ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ ቃለ-መሓትት ምስ ረድዮ ምብራቕ ኣካይዶም።

5 መስከረም 2006፡- ስርዓት ኢሳያስ፡ ሮጀር ካርተር፡ እንግሊዛዊ፥ ጆንሰን ኣላስካ ሮይ፡ ኒውዚላንዳዊ፥ ካምባ ጆዘፍ፡ ደቡብ ኣፍሪቃዊ፥ ግላሸት በንጃሚን ዶሚኒክ፡ ላይበርያዊ፥ ጆን ዶክስተል ኣንቶኒ፡ ካብ ትሪኒዳድን ቶበጎን ዝርከብዎም ሓሙሽተ ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ካብ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ካብ ኤርትራ ክባረሩ ወሲኑ።

8 መስከረም 2006፡- ብጻይ ተኽለ መለኪን፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታት፥ ብጻይ መሓመድ ኣደም ኣርትዓ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን፥ ብጸት ሲራክ ዘመንፈስ፡ ጸጋይ መዝገበን ዓብደልቓድር ኣልዑግድን፡ ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ፥ ኣብ ካርቱም ክፋት ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣካይዶም።

ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ኣባላት መሪሕነት ብዛዕባ ውጽኢታት 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብሓፈሻ፥ ብዛዕባ'ቶም ኣብ'ዚ ጉባኤ'ዚ ዝተኣታተዉ፡ ከም ምምስራት ሰፊሕ ባይታ ዝለዎ ሰልፊ፡ ሕቶ መሬት፡ ጉዳይ ዘይምእኩል ምሕደራ፡ ናይ ዕዳጋ ምጣነ-ሃብቲ፡ ምስታፍ ናጻ ዝኾኑ ተዓዘብቲ ኣብ ስርሓት ናይ'ቲ ጉባኤ ...ወዘተ ድማ ብፍላይ፡ ሰፊሕ መግለጺ ሂቦም። ካብ ኣኼበኛታት ንዝቐረበሎም ሕቶታት መሊሶም።

9 መስከረም 2006፡- ብጻይ ኣሰፋው በርሀ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርርዓዊ ጉዳያት ዝመርሖ፡ ወከልቲ ውድባትን ዓበይቲ ምሁራትን ሓለፍቲ ሲቪካዊ ማሕበራትን ኣብ ዝተረኸብሉ ክፋት

ህዝባዊ ኣኼባ፡ ኣብ ለንደን ተኻይዱ። ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ፡ ብጻይ ኣሰፋው በርሀ፡ ንውጽኢትን ውሳኔታትን 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብሪሁ።

16 መስከረም 2006፡- ብጻይ ኣሰፋው በርሀ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርርዓዊ ጉዳያት፡ ተመሳሳሊ ኣኼባ ኣብ ሆላንድ፡ ከተማ ሮተርዳም ኣካይዱ።

16 መስከረም 2006፡- ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 45 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ኦክላንድ እተኻየደ ህዝባዊ ኣኼባ፡ ብኣባል መሪሕነት ናይ ግ.ሃ.ድ.ኤ ብጻይ ዓብደላ ኣድም ዝቆመት ሽማግለ ነቲ ብዓል መሪሓቶ ሓው ግርማይ ቀሺ ሓው ኣማረን ሓው ኣስመሮም በርሄን ነቶም ምስ'ኦም ተመርጹ ሽማግለ ወኪሎም ኣብ ቅድሚት ኮይንም ሰለስቲኦም ብዛዕባ ህሉው ክነታት ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ከመይ ዝበለ ሃዋሁ ይርከብ ታራናኽ ኣንታዩ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ሽግር ሃገርን ህዝብን ብሕጽር ዝበለ ጽማቅ ኣቕሪቦም።

7-17 መስከረም 2006፡- ብጻይ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ መደበር ሰራዊት ሓርነት ሰሚናር ኣካይዱ። ኣብ'ዚ ንዓሰርተ መዓልታት ዝተኻየደ ሰሚናር'ዚ፡ ብጻይ መሓመድ ዓሊ ውጽኢት 6ይ ዕዉት ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብሰፊሑ ኣብሪሁ። ከምኡ ውን፡ ሰውራና ካብ 1961-91 ዝሓለፎም መድረኻት፡ ዘጋጠምዎ ብድሆታትን ዘመዝገቦም ዓወታትን ዝተራእየ ኣሉታታትን ብዝርዝር ኣስተምህሮ ሂቡ።

18 መስከረም፡- መበል 5 ዓመት ማእሰርቲ ናይ ኣባላት ጉጅለ 15ን ጋዜጠኛታትን ኣመልኪቱ፡ ሕብረት ኣውሮጳ ክፍትሑ ዝጠልብ መግለጺ ኣውጺኡ።

23 መስከረም 2006፡- ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ መስፍን ሓጐስ፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ብጻይ ዓብደላ ኣደም፡ ሓላፊ ወጻኢ ጉዳያት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝመርሕዎ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ሰሚናር ኣብ ፍራንክፈርት ተኻይዱ።

23 መስከረም 2006፡- ብጨንፈር መልቦርን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝተወደበ ኩፉት ኣኼባ ህዝቢ ተኻይዱ። ንኣኼባ ዝመርሑ ወኪል ውድብ ኣብ ኣውስትራልያን ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ሃይለ ገብሩን ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ዓብደልቃድር ህብትየስን መራሕ ጨንፈር መልቦርን ሃይለሱስ ገብራይን እዮም።

24 መስከረም 2006፡- ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ምኽትል ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን፡ ብጻይ ሃይለ ገብሩን ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ዓብደልቃድር ህብትየስን መራሕ ጨንፈር መልቦርን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ሃይለሱስ ገብራይን ንኣባላት ውድብ ሰፊሕ መግለጺ ብዛዕባ 6 ሃገራዊ ጉባኤን ውሳኔታቱን ሂቦም።

28 መስከረም 2006፡- ብጻይ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት፡ ክፉት ኣኼባ ናይ'ቶም ኣብ መደበር ሺ.መልባ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ተዓቚቦም ዘለዉ ስደተኛታት ኣካይዱ። ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ውን፡ ብዛዕባ ውጽኢት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤን፤ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ዲሞክራስን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ዝተኻየደ ኣኼባን ኣብ ህዝቢ ዘሕደሮ ኣዎንታዊ ጽልዋን ኣስፊሑ ገሊጹ።

30 መስከረም 2006፡- ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ጨንፈር ቍ.3 ዞባ ጀርመን ኣብ ከተማ ከለን ህዝባዊ ኣኼባን ለይታዊ ትልሂትን ኣካይዱ። ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማርን፡ ምኽትል ኣቦ መንበር፡ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤልን ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ብምርካብ ብዛዕባ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤን ህልዊ ኩነታት ሃገርናን ሰፊሕ መግለጺ ሂቦም።

ኣብ'ዚ ጉዳያት'ዚ፡ ህያው ዝኾነ ክትዓት ንክልተ ሰዓታት ዝኣክል ግዜ ቀጺሉ። ብድሕር'ዚ፡ መድረኽ ንሙዚቃን ተላሃይትን ተገዲፉ ክሳዕ ሰዓት 6 ናይ ወጋሕታ ብዘይ ምቍራጽ ድሙቕ ባህላውን ዘመናውን ደርፍታትን ጸወታታትን ተኻይዱ።

30 **መስከረም** 2006፡- ብኣጋጣሚ መበል 45 ዓመት ዝኽሪ ናጽነት፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ካርቱም ሰሚናር ኣካይዱ። ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜና፡ ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ተረኺቡ ነዚ ተረኺቦ'ዚ ዝምልከት ቃል ኣስሚዑ።

5 **ጥቅምቲ** 2006፡- ብተበግሶ ማሕበር መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ጀርመን ዝተጸውዐ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ጀርመን ተኻይዱ።

6-12 **ጥቅምቲ** 2006፡- ልኡኽ ውድብና ኣብ ሽወደን ኣብ ዘካየዶ ዑደት፤ ምስ ሰበስልጣን መንግስትን ሰልፍታትን ዘይመንግስታዊ ውድባትን ሽወደንን ተራኺቡ። ከምኡ ውን፡ ምስ ናይ ኤርትራውያንን ናይ ዜና ማዕከናት ቃለ-መሓትት ኣካይዱም። ልኡኽና፡ ምስ ኣዕሩኽ ሰውራና ዝኾኑ፡ ክርስቲና ብዮርክን ቡ ቡቨልስታምን ተራኺቡ ብዛዕባ 6ይ ጉባኤን ሡነታት ውድብናን ሃገርናን ዘባናን መብርሂ ሂቦም።

7 **ጥቅምቲ** 2006፡- ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፤ ብጻይ ተስፉይ ወልደሚካኤል፡ ምኽትል ኣቦ መንበርን ዝርከብዎ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ ሽወደንን ሃገራት ስካንዲናቭያን ዝመጹ ኣባላት ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ኣብ ክተማ ስቶክሆልም ኣካይዶም።

7 **ጥቅምቲ** 2006፡- ተጋዳላይ ረዘነ ልኡለቃል ኣባል ሰ/ባይቶ ንህልዊ ኤርትራዊ ኩነታት፣ ዞናዊ ኩነታት፣ ክውንነት ደንበ ታቓውሞ፣ ኩነታት ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶን፣ ውጺኢት 6ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሐ.ኤ. ሰ/ባይቶን ኣገደስቲ እዋናዊ ውሳኔታቱን ኣመልኪቱ ኣብ ኣትላንታ ጆርጂያ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

8 **ጥቅምቲ** 2006፡- ኣቦ መንበርን ምኽትል ኣቦ መንበርን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝርከብዎ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ክፉት ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዶም። ኣብ'ቲ ኣኼባ ብዙሓት ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን፤ ኣብ'ቲ ቅድሚ 15 ዓመት ብዓወት እተዛዘመ ሓርነታዊ ተጋድሎና ግቡኦም ዘበርከቱ ገዳይም ተጋደልትን ተሳቲፎም ነይሮም።

8 **ጥቅምቲ** 2006፡- ብጻይ ኣማኑኤል ሃብተ፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ፡ ወኪል ውድብ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝመርሖ ክፉት ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ከተማ ደንቨር ተኻይዱ።

10 **ጥቅምቲ** 2006፡- ብጻይ ተስፉይ ወልደሚካኤል፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብዛዕባ ውሳኔታት 6ይ ሃገራዊ ጉባኤን ራእይ ውድብና ኣመልኪቱ ኣብ ዳላስ ተክሳስ ሰፊሕ ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዱ።

20 **ጥቅምቲ** 2006፡- ተጋ/ ተስፉይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ) ምኽትል ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባን ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲት ኣካል ምምስራት ሰልፊን፡ ፣ ብዛዕባ መስርሕ ምስረታ ሰልፊ፡ ንመራሕቲ ጨናፍርን ናይ ሰልፊ ምስረታ ሽማግለታትን ንምብራህ ኣብ ካርቱም ኣኼባ ኣካይዱ።

ኣብ ኣኼባ ዝተሳተፉ፡
ሀ) ኣባላቱ፡ ካብ ሰውራዊ ባይቶ ዝኾነ፡ ሽማግለ ሓበሬታን ድህሰሳን ምምስራት ሰልፊ
ለ) ናይ ከተማ ኻርቱም መራሕቲ ጨንፈርን መሪሕነት ጉጅለታትን
ሐ) ናይ ሓበሬታን ድህሰሳን ንኡሳን ሽማግለታት ነበሩ።

1-30 **ጥቅምቲ** 2006፦ 304 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ስዊዘርላንድ ዑቑባ ሓቲቶም።

30 **ጥቅምቲ** 2006፦ ብርክት ዝበለ ቊጽሪ ዘለዎም ኤርትራውያን እተሳተፍዎ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ዋሺንግተን ዲሲ ብዓወት ተሰላሲሉ።

4 **ሕዳር** 2006፦ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ጨንፈር ፍራንክፈርትን ከባቢኡን "ሽግራት ህዝብና ንምሕጻር ውድባዊ ስርርዕና ነሐይል" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ዕዉት ጉባኤ ኣሰላሲሉ።

6 **ሕዳር** 2006፦ ብጻይ ሃብተማርያም  ክፍለ፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ፡ ዝመርሖ ክፉት ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ኦክላንድ፡ ካሊፎርንያ ተኻይዱ።

10 **ሕዳር** 2006፦ ኤርትራውያንን ሆላንዳውያንን እተሳተፍዎ ሰላማዊ ሰልፊ ምእንቲ ናይ እምነትን ሕልናን እሱራት ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ሆላንድ ከተማ ደንሃኽ ተኻይዱ።

11 **ሕዳር** 2006፦ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ማሕበርን ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ጨንፈር ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን ኣብ ከሰላ ንዝርከቡ ኣካለ ጽጉማን ንተመሃሮ ወድሽሪፈይን ዝውዕል ደገፍ ንምብርካት ናይ ድራር ምሸት ኣዳልዮም።

12 **ሕዳር** 2006፦ ትሽዓተ ኣብ መንግስታዊ ማዕከናት ዜና ዝሰርሑ ኤርትራውያን ጋዜጠኛታት ተኣሲሮም።

15 **ሕዳር** 2006፦ ኣህጕራዊ ናይ ድሕነት ኮሚቴን International Rescue Committee) ሳምራዊ ማህደር (Samaritan Purse) እተባህላ ናይ ረዲኤት ትካላት ካብ ኤርትራ ተባሪረን።

16 **ሕዳር** 2006፦ መርበብ ቀዳምነት ንኣፍሪቃ (Priority Africa Network) እተባህለ ትካል፡ ብዛዕባ ፖለቲካውን ቊጠባውን ሃለዋት ኤርትራ፡ ግደ ስደተኛታት ሰላምን ዲሞክራስን ርግኣትን ብልጽግናን ኣብ ሃገሮምን ኣብ ዝብል ዛዕባ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ካሊፎርንያ ኣብ በርክሊ ኣብ ዝተዳለወ ሰሚናር፡ ብጻይቲ ኣስገደት ምሕረትኣብን ብጻይ ሳልሕ ጋድን በብወገኖም መጽናዕታዊ መደረ ኣቕሪቦም። ዳን ኮኔልን ካሳሁን ቸኰልን ውን፡ ካብ'ቶም መጽናዕቲ ዘቕረቡ ዕዱማት ነይሮም።

23-27 **ሕዳር** 2006፦ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ካብ 23-27 ኣብ ካርቱም ብዓወት ኣሰላሲሉ።

25 **ሕዳር** 2006፦ ማሕበር ስዊስ-ኤርትራውያን ንደገፍ ኤርትራውያን ስደተኛታት (ASEE) እተባህለ መኸሰብ ኣልቦን ዘይፖለቲካውን ማሕበር፡ ንቤት ትምህርቲ ስደተኛታት ወድሽሪፈይ ዝውዕል ረዲኤት ንምእካብ 80 ዝኾኑ ኤርትራውያንን ስዊዘርላንዳውያንን ዝተረኸብሉ ናይ ድራር ምሸት ኣብ ከተማ ጀነቫ ኣዳልዩ።

26 **ሕዳር** 2006፦ ብጻይ ኣሰፋው በርሀ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርርዓዊ ጒዳያት ዝመርሖ፡ ኣቦ ጨንፈር ዓዲ እንግሊዝ፡ ብጻይ ጕይትኦም መብራህቱ ዝተረኸበሉ፡ ክፉት ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፡ ከተማ ኒው ካስል ኣካይዶም። ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ፡ ካብ ሳንደርላን፡ ስቶክቶን፡ ሚድስብሮን ኒውካስልን ዝመጹ ኤርትራውያን ተሳቲፎም።

1 ታሕሳስ 2006፡- ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጾት ወልደሱስ ዓማር፡ ተስፋይ ወልደሚካኤል፡ ተኽለ መለኪን፡ ጅምዕ ኣሕመድ፡ መሓመድ ኣደም ኣርትዓን መንግስተኣብ ኣስመሮምን ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ ኣብ ዝተረኽበሉ፡ ዞባዊ ጉባኤ ካርቱም ተኻይዱ።

9 ታሕሳስ 2006፡- ንምስረታ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዝምልከት ኣኼባ ኣብ ኖርወይ ብዓወት ተዛዚሙ። ብጻይቲ ገርጊስ ነጋሽ፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ፡ ሓላፊት ጉዳያት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን፡ ኣብ'ቲ ኣኼባ ብምርካብ መግለጺ ኣቕሪባ።

9 ታሕሳስ 2006፡- ብጻይ ረዘነ ልዑለቃል፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ፡ ምኽትል ሓላፊ ገንዘባዊ ጉዳያት ዝመርሖ ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ከተማ ቺካጎ ተኻይዱ።

12-15 ታሕሳስ 2006፡- ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ናይ ተሓኤ ናይ ዘተ ሽማግለታት ተራኺበን ብዛዕባ ሓድነትን ጉዳይ ኪዳንን ተዘራሪበን። ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ናይ ልዝብ ሽማግለ፡ ብጾት ተስፋይ ወልደሚካኤልን መንግስተኣብ ኣስመሮምን ጅምዕ ኣሕመድን ክኾኑ እንከለዉ፤ ናይ ተሓኤ ድማ፡ ብጾት ሓሰን ዓሊ ኣሰድን ሓምድ ኣደም ሱሌማንን ዑስማን ሳልሕን ነበሩ።

16 ታሕሳስ 2006፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ኣብ እተረኽበሉ፡ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ማእከል መንእሰያት ፍራንክፈርት ብክብ ዝበለ ድምቀት ከቢሩ ውዒሉ።

17 ታሕሳስ 2006፡- ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ጨንፈር መልበርን መዓልቲ ስዉእ ኤርትራዊ ኣኽቢሩ።

17 ታሕሳስ 2006፡- ምኽትል ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤል ዝመርሖ፡ ብጾት መንግስተኣብ ኣስመሮምን ጅምዕ ኣሕመድን ዝርከብዎ ልኡኽ ውድብ ምስ ሰበ-ስልጣን ሱዳን ተራኺቡ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ንኽልቲኦም ሸነኻት ዘገድሱ ጉዳያት ተዘራሪቦም።